# ብሰረት መፅናዕቲ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ንዝግበር ምደባ ስራሕ ደንቢ ወፂኡ

ድኽነት ብምጥፋእ ዘላቒ ልምዓት ንምርግጋፅ ሰራሕተኛታት መንግስቲ ብመሰረት ክእለትን ብቕዓትን ሞያ ኣብ ዝምጥኖም ቦታ ንምምዳብ ዝሕግዝ ደንቢ ወፂኡ ኣሎ። ብመንግስቲ ዝወፁ ፖሊስታት፣ ስትራተጂታትን ፕሮግራማትን ብግቡእ ክፍፀሙ ነዚኦም ከተግብር ዝኽእል ሓይሊሰብ ብምምዳብ ስሉጥን ፅፉፍን ግልጋሎት ንሕብረተሰብ ምቕራብ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለዝተረኸበ እዚ ደንቢ ክወፅእ ክኢሉ ኣሎ። ነዚ ክፃወር ዝኽእል ካብ መሰረቱ ዝተለወጠ መስርሕ ኣሰራርሓን ኣወዳድባን ብምፍጣር ሰራሕተኛታት መንግስቲ ምምዳብ ፅማም እዚ እዋን እዩ።

ነዚ ኩነት ብፍትሓውነት፣ ብመሰረት ስራሕን ብቕዓትን ክምድባ ኩለን ኣብያተ ዕዮ ኣብ ኣመዳድባ ፀገማት ከይፍጠር ተሓሲቡ ደንቢ ምደባ ብብሄራዊ ክልላዊ መንግስቲ ትግራይ ወፂኡ ኣሎ። ኣብያተ ዕዮ መንግስቲ ዘፅንዕዖ መሰረታዊ ለውጢ ከይዲ ስራሕ ናብ ብርኪ ትግበራ ንዝበፅሓ ቅድም ኢሉ ትልሚ ትገበራን ክገብርኦ ዝግባእ ቅድመ ምድላዋትን ከምዝተልኣኸለን ይፍለጥ።